# ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ጀሚሩ

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
02.08.2008



እቲ ብ17 ኣባላት ዝቘመ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ናይ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሎሚ ዕለት 2 ነሓሰ 2008 ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባኡ ጀሚሩ። ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብኣቦ መንበሩ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ተመሪሑ ናይ ኣኼባ ኣጀንዳታት ሰሪዑ።

ብመሰረት'ቲ ኣጀንዳታት፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ከም ሽማግለ ቊጽጽርን ምክትታልን፡ ማእከል መጽናዕትን ምርምርን ዝኣመሰላ ኣካላት ናይ ሰልፊ ኣቘሙ። ቀጺሉ ናይ ነፍስወከፍ ክፍሊ ወይ ቤት ጽሕፈት ዓንኬል ዘቘሙ ኣስማት ናይ ባእታታት ረቘሑ። ነፍስወከፍ ክፍሊ፡ እንተውሓደ ብሰለስተ ኣባላት ዝቘመ ዓንኬል ወይ ምምሕዳር ኣለዋ። ካብ ሰለስተ ንላዕሊ ኣባላት ዘለወን ዓንኬላት ውን ኣለዋ።

ብድሕር'ዚ፡ ነቲ ብማእከላይ ባይቶ ዝተሓንጸጸ መደብ ዕዮብ ፖሊሲታት ንምፍጻም፡ ነፍስወከፍ ናይ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ፡ ነናይ ሓደ ዓመት መደባት ክስርዓሉ ጀሚሩ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ክፍሊ፡ ናይ ዜናን ባህልን ክፍሊ፡ ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ክፍልን ናይ ሓደ ዓመት ዓመት ናይ ስራሕ መደባት ተሰሪዕሎም ኣሎ። ናይ ዝተረፉ ክፍልታት ዓመታዊ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ምስራዕ ድማ ጽባሕ ክቕጽል ኢዩ።

ሰክረታርያ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ድማ፡ ነዚ ናይ ዓመት መደብ ዕዮ፡ ኣብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ከፋፊሉ ኣብ ምፍጻሙ ክነጥፍ ምዃኑ ዝፍለጥ ኢዩ።